ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ

Catholic Eparchs of Eritrea

ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ

Date:
Ref. No.

ካቶሊካውያን ምእመናን ዘሥርዓተ ግእዝ
ሰበኻ ኣርሊንግቶን፡ ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካ

ኣሥመራ፡ 15 ጥቅምቲ፡ 2014

ክቡራትን ክቡራንን ኣብ ሰበኻ ኣርሊንግቶንን፣ ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካ፣ እትርከቡ ካቶሊካውያን ምእመናን ክርስቶስ ዘሥርዓተ ግእዝ፣

"ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፡ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን"(2ቆሮ 1፡2)።

ኣብ ዎሽንግቶን ዲሲን፡ ቨርጂንያን እትርከቡ ምእመናን፡ ዝጓስየኩም ካህን ክወሃበኩም ንብዙኅ ዓመታት ክምዝሓተትኩምናን፣ ብዓብይ ትዕግሥቲውን ክምዝተጸበኹም ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ።
እንሆ እምበኣር፡ ድሕሪ ብዙኅ ጻዕርን ውዳእ ውረድን፡ ብፍቓድ እግዚኣብሔርን፡ ሥምረት ጳጳስ ሰበኻ ኣርሊንግቶን ብዕ ኣቡነ ስቲፈን ሎቨርደን፡ ንክቡር ኣባ ሓጐስ ተስፋጋብር፡ ዘማኅበረ ቅድስቲ ሃና፣ ክንሰደልኩም በቒዕና ኣሎና። እዚም ካህን እዚኦም፣ ድሮ ኣብ ዝተዳለወሎም መንበሪ ቤት ኮይኖም ኣብ ማእከልኩም እናተቐመጡ፣ ጳጳስ ሰበኻ ኣርሊንግቶን ብዝሃቡዎም መምርሒ ተኸቲሎም፡ ምሳኻትኩምን ምሳናንውን እናተሓባበሩ ነዚ ዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመት ክገልግሉኹም እዮም። ከም መምህርን፡ ካህንን፡ ጓሳን፣ ኣገልግሎት ኣባ ሓጐስ ተስፋጋብር፣ ብሥርዓት ግእዝ መስዋዕተ ቅዳሴ ምዕራግ፣ ምሥጢራት ቤተክርስትያን ምዕዳል፣ ንዝተፈላለዩ ጉጅለታት ትምህርተ ክርስቶስ ምምሃር፣ ስድራቤታትን ሸማግለታትን ሕሙማንን ምብጻሕ ወዘተ-ዘጠቓልል ይኸውን።

ፍቑራትን ፍቁራንን ምእመናን፡ ንካህንኩም ምኽባር ንርእስኹም ምኽባር ከምዝኾነ ተረዲእኩም፣ ብዓብይ ኣኽብሮትን ፍቕርን ክትሕዝዎም ከምዘሎኩም ትርድእዎ ምዃንኩም ኣይንጠራጠርን። ብፍላይ ኣብ መጀመርታ ዓዲ ክሳብ ዝለምዱ ብዝከኣለኩም ክትተሓባበሩዎም፡ ከምኡውን፡ ምስ ሰበኻ ኣርሊንግቶን ተረዳዲእኩም፥ ንመነባብሮኦም ዘድልዮም ኩሉ ክትሓልዩሎም ሓደራ ንብል። "ምእመናን ብወገኖም ንካህናቶም ዕዳ ከምዘለዎም ክስተውዕሉ ይግባእ። ብውሉዳዊ ፍቕሪ ከም ኣቦታቶምን ጓሰይቶምን ክከናኸንዎም ኣለዎም። ከምኡ ከኣ ሸግር ካህናቶም ክካፈሉን፡ ብዝተኻእለ መጠን ከኣ ብጸሎትን ግብራዊ ስራሕን ክሕግዝዎም ይግባእ" (መዓርገ ክህነት 9)።

ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ኮይንና "ሕጂ ከኣ ኣቱም ኣኅዋትና፡ ነቶም ኣብ ማእከልኩም ዚጽዕሩን ብጐይታውን ዚመርሑኹምን ዚምዕዱኹምን ከተኽብርዎም ንልምነኩም ኣሎና። ስለቲ ዕዮኦም ብፍቕሪ ኣዕዚዝኩም ኣኽብርዎም። ኣብ ንሓድሕድኩምውን ብሰላም ንበሩ" (1ተሰ 5፡12-13)ብምባል፡ ብኣባታዊ ሓልዮት ነተባብዓኩም ኣሎና።

ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን

ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ

ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ
CATHOLIC EPARCHS OF ERITREA

P. O. Box 1990 Asmara - Eritrea Tel. 00291-1-125000 Telfax 00291-1-120070